ነጸብራቕዊ ሓተታ

# ከመይ ዘይከውን?

**ንሳልሳይ ክፋል ጽሑፈይ ንምቕራብ ክንድ`ዚ ምድንጓየይ እቕረታ።**

***ጽንዓት ደበሰን ንቤተሰብን ንኹሎም ኤርትራውያንን***

***ኣብ`ዚ ቅንያት`ዚ  ኣብ ማእከላይ ባሕሪ፡ ኣማኢታት ኤርትራውያን ብሓደጋ ምማቶም ንኩላትና ኤርትራውያን ናይ ሓዘን ቅነ ምዃኑ ከይጠቐስክዎ ክሓልፍ ኣይደልን። ነዚ ብከንቱ ዝጠፍአ ነፍሳት፡  ኣብ ብዙሕ ከተማታት ብጽምናን ብኤርትራዊ ክብርን፡ ሽምዓ ብምብራህ፡ ዝካሬ- ጸሎት ይግበረሎም ኣሎ። እዞም ኣብ ማእከላይ  ባሕሪ ግዳያት ናይ ብዙሕ ምኽንያታት ኮይኖም ዘለዉ ኣሕዋትና፡  ክቡር ኤርትራዊ መንነት ዘለዎም እዮም። እንተኾነ፡ ደገፍቲ ህግደፍ፡  ኣብ`ቲ ኣብ ዕለት 17 ሚያዝያ ኣብ ከተማ ደንቨር-ኮሎራዶ ዝገበርናዮ ናይ ዝካሬ-ጽሎት መዓልቲ ከይተሳተፍዎ በዅሮም። ግርም መዐቀኒ ኢሰብኣውነት!!!***

ህግድፍ ከም ስርዓት ፈሺሉ`ዩ። ንፍሽለቱ ዘረጋግጹ ጭብጥታት ንምርካብ ብዙሕ ጻዕሪ ኣይሓትትን።  ኣብ ማሕበራዊ፡ ኣብ ምጣነ-ሃብታዊ፡ ዲፕሎማሲያዊ ውጺኢት ኣመራርሕኡ፡ ብምልኣት ንፍረ ፍሽለቱ እዮም ዘረጋግጹ። ምናልባት ነዞም ኣብ ዲያስፖራ ዝርከቡ ደገፍቱ ኣይወሓጠሎምን ይኸውን።`` ብዘበን ውብ ዝጸመመ``... ግዲ ኮይንዎም ኮይኑ።

እቲ ኣገዳሲ ጠለብ ግን ንህግደፍን ምስ ጋዕ-ገልጠሙን ምልጋስ`ዩ። ኣብ`ዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት፡ ነቲ ደርጊ እውን ዘገደፎ ብልሸውናን ግዕዙይ ባህሊን ወሲኹ ናብ ዝገደደ ጥርዙ ክብ ኣቢልዎ`ዩ። ኣብ ኤርትራ ሰፊኑ ንዘሎ ግዕዙይ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካዊ ምጣነ-ሃብታዊ ብልሻውና ናብ ንቡር ንምምላሱ፡ ካብ`ቲ ኣካላዊ ምልጋስ ህግደፍ ከምዝሓስም ኣይጠራጠርን።

ንህግደፍ ምስ ጋዕ-ገልጠሙ ንምልጋስ ግን ሓያል ውደባን ኣመራርሓን ይሓትት። ብሓይል ኤርትራዊ ስምዕትን መንፈስን ንህዝቢ ኤርትራ ጠርኒፉ ናብ ምሉእ ዓወት ዝምርሽ ፖለቲካዊ ኣመራርሓ ይድለ። እቲ ዝዓበየ ሕቶ እምብኣር እዚ ኢዩ። ህልውና ህግደፍ ዝቕጽል ዘሎ፡ ብምሉእ ኤርትራዊ ውነ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣለዓዒሉ ኣብ ጎኑ ከሰልፍ ዝኽእል ተቓውሞ ዘይምህላዉ ጥራሕ`ዩ።

ብቕዓት ዘለዎ ተቓውሞ ስለምንታይ ተሳኢኑ? ወይ ስለምንታይ`ዩ ዘይሃለወ? ክፍጠርከ ይክኣል ድዩ? እዚ ሕቶ`ዚ ናብ`ቲ ነዊሕ ታሪኽ ብረታዊ ተጋድሎና ድቕድቕ የብለና። ገለ ካብ`ቲ ብዙሕ፡ (1) ኣባላት/ሰዓብቲ ንውድቦም ኣብ ክንዲ ጌጋታቱ እናኣረሙ ብቐጻሊ ከም ዝዓቢ ዝገብሩ፡ ኣብ ጉድለታቱ ርዒሞም ክካላኸልሉ ኩሉ ዓቕሞም ይጽንቅቑ። (2) መራሕቲ፡ ነቲ ዝመርሕዎ ውድብ ኣብ ክንዲ መገልገሊ ህዝብን ሃገርንን ጌሮም ዝግንዘብዎ፡  ወዲ ቀቢላኦም፡ ወዲ ሃይማኖቶም፡ ወዲ ኣውራጃኦም ኣብ ጸግዮም እናኾነዩ ናይ ገዛእ ርእሶም መገልገሊ ይገብርዎ። (3)  ንርኡይ ጌጋታት ንኽእረም ንዝጠልብ፡ ፋሉል.. መንካዕ.. ሕሉፍ... ዘይእሙን ወዘተ ዝብል ቀለማት እናተለኽዩ ኣደዳ ማእሰርትን ምንጻል ይገብርዎም። ብሞት ምእላይ`ውን  ተጠቒሞሙሉ።  ኣብ ከም`ዚ ዝበለ ሃዋሁው፡ናይ ኣመራርሓ ብቕዓት ዘለዎም ዜጋታት ክፈርዩ የሸግር።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ታሪኽና፡ ውድባዊ ሓድነት፡ ሃገራዊ ሓድነት... ዝብሉ ኣምራት መሕብእን መታለልን ናይ መራሕቲ ኮይኖም  ብዙሕ ኣሉታዊ ተራ ተጻዊቶም። ኣገዳስነት ናይ ሃገራዊ ሓድነት ኣቃሊለ ክርኢ ስለዝደለኹ

*ኣይኮነን። ግን እቶም ቀንዲ ጸረ ሃገራዊ ሓድነት ዝኾኑ ኣካላት ወይ ንዕብየት ሰውራ ኤርትራ ኣብ ምዕንቃጽ ዓቢ ተራ ዝነበሮም ኣካላት፡ ብስም ሃገራዊ ሓድነት፡ ህዝብን ተጋደልትን ቀንጺሎሙሉ። ውግእ ሓድ-ሕድ ኣዊጆሙሉ። መሰል ዜጋታት ወይ ተቓለስቲ ጨፍሊቖም ኣብ ስልጣን ኲድጭ ንክብሉ ተገልጊሎሙሉ። ምስክሩ ድማ ብረታዊ ቃልሲ ካብ ዝጅመር ክሳብ ሕጂ፡ እቲ ዝዓበየ ጠለብ ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ ሓድነት ክንሱ፡ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚ እኳ ፈልከት ክብል ኣይከኣለን።*

*ንምኻኑ፡ ሃገራዊ ሓድነት እንታይ ማለት`ዩ? ከመይ`ዩ ዝረጋገጽ? እንታይ እዮም እቶም ሑጻ፡ ሲሚንቶ፡ እምኒ፡ ኣዕኑድ... ናይ ሓድነት? ተፈጺሓም`ኳ ክሳብ ሕጂ ዘይተገልጹ! ንህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ጭርሖ ኤርትራውነት ብንቕሓት ክተታኣሳስር፡ መጀመርታ እቶም ንሃገራዊ ሓድነት መርፍእን ፈትልን ዝኾኑ ጉዳያት ብክጭበጥ ዝኽእል በሪሆም ኣብ ባይታ ክንጸሩ ኣለዎም።*

*ሃገራዊ ሓድነት ኣብ ምህናጽ ሃገር፡ ስትራተጂካዊ ዕዘት ኣለዎ። ምስ ጸረ ሃገራዊ ሓድነት ዝኾነ ሓይልታት፡ ጉጅለታት ወይ ባእታታት እሞ ድማ ኣብ ኣመራርሓ ላዕለዋይ ኢድ ጨቢጦም እናሃለዉ ክዕወት ግን ዘይሕሰብ`ዩ። እዚ ሓቂ እዚ ርኡይ እናሃለወ፡ ሕሉፍ ኣሉታዊ ተሞኩሮታት ብግቡእ ከይተገምገመን ከይተወገደን፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንምክያድ ሽብ-ተኣንጎት ይብሃል ኣሎ። መለሳያ ቆሎስ ጥጥቖ ከም ማለት`ዶ ክኸውን ይኽእል?*

*እቶም ቀደም መራሕቲ ውድባት ኤርትራ ዝነበሩ፡ ሎሚ`ውን መራሕቲ ውድባት ኣለዉ። ሽዑ ህዝብን ተጋደልትን ብቐጻሊ ንሃገራዊ ሓድነት ጠሊቦም፡ እንተኾነ ኣይተዓወተን። ሎሚ ባዕላቶም እቶም ሽዑ ናይ ሃገራዊ ሓድነት ኣጋር ክኾኑ ዘይካኣሉ መራሕቲ፡ ክሳብ ሎሚ ኣብ ናይ መሪሕነት ቦታ ኮፍ ኢሎም... ሃገራዊ ሓድነት ከነምጻኣልኩም ኢና እብሉና! ኣብ ኤርትራ ሰብኣዊ ፍትሒ ዘረጋግጽ ስርዓት ክንተክል ኢና ይብሉና! የገርም።*

*ናይ በይሩት ናይ ካርቱም፡ ናይ ዓሌት... ስምምዓት፡ ሓደ ድሕሪ ሓደ፡ ውግእ ሓድ-ሕድ ተኻይድሎም። ካልኣይን ናይ ሓድነትትን ውድባዊ ጉባኤ፡ ነባራት መራሕቲ ብሓዱሽ ደም ተተኪኦም፡ ድቂ ህግደፍ ኣብ ማህጸን ህ.ግንባር ህይወት ሰሪዑ። በቲ ሓደ ገጽ ድማ ምሕዝነት ተወሊዱ ዕልል ተባሂሉሉ። በርባዕተ መሓውሩ ፍሑኽ ከይጀመረ ብኪዳን ተተኪኡ። ወዮ ኪዳን ቃል-ኪዳን ከይኣሰረን ከይጸደየን ከይፈረየን ብኮሚሽን ተዋሒጡ! ... መዓስ ኮን ይኸውን ሃገራዊ መስርሕ፡ ተወሊዱ... ዓብዩ... ፍርያቱ ንርኢ!!! ንርእዮ ግዲ ንኸውን!!*

*ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡ ኣብ`ዚ ዝሓለፈ ሳላሳ ዓመት መሰረታዊ ትሕዝቶኣንን ኣካያይደኣን ኣይቀየራን። ዝተቐየረ እንተልዩ እቲ ኣብ ገጊዜኡ ዝፈጥረኦ ወይ ዝመስልኦ ጊዚያዊ ግዳማዊ ቅርጺ ጥራሕ`ዩ። ስለ`ዚ፡ ኣብ ውሽጢ ደንበ ተቓውም ብትኹረት ክምርመር ዝግበኦ ሕማም ኣሎ። እዚ ሕማም`ዚ ከይተፈወሰ፡ በብጊዜኡ ዝፈጥረኦ ቅርጽታት፡ ንመሰረታዊ ትሕዝቶኣን ክቕይሮ ዝኽእል ኣይኮነን።*

*መሰረታዊ ትሕዝቶኣን ከይተቐየረ ድማ ናብ ኤርትራ ብናይ ገዛእ ርእሰን መሓውር ክሳግማ ኣይኮናን። ኣብ ርእሲ`ዚ፡ ግደፍ ኣብ ውሽጠን ገለ መባእታዊ እወንታዊ ለውጢ ከይገበራ፡ ገይረን`ውን ሰውራ ካብ ደገ ናብ ውሽጢ ብሰደድ ከዐውታ ኣዝዩ ኣሸጋሪ`ዩ። ቅድሚ ሕጂ ካብ ደገ ነቒሉ ናብ ውሽጢ ሃገር ተጓዒዙ ዝተዓወተ ሰውራ ኣብ ታሪኽ ኣይተራእየን። ኣብ ኤርትራ ከምኡ ፍሉይነት ኣይህልዎን።*

*ሰውራ ከባርዕን ከዐውትን ዝኽእል ህዝቢ፡ እቲ ወግሔ-ጸብሔ፡ ኣደራዕ ናይ ኢሰብኣዊ ምሕደራ ኮይኑ ዝርከብ ዘሎ ህዝቢ ጥራሕ`ዩ። ከም`ቲ ኣብ ቀዳሞት ጽሑፋተይ ዝጠቐስክዎ ግን ህዝቢ ኤርትራ፡ ሰውራዊ ናዕቢ ከለዓዕል ዘየኽእሎ ሕጽረታት ብዙሕ ኣለዎ። ስለዚ ድማ ናይ ኣብ ደገ ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ሓገዝን ጸግዕን የድልዮ። እዚ ከመይ ይሰርሕ? ከመይ ይዕወት? ሓያል መሪሕነት የድልዮ።*

*ደንበ ተቓውሞ ውሽጣዊ ሕጽረታቱ ኣሪሙ፡ ምስ ኣብ ውሽጢ ዝርከብ ህዝብና ክተኣሳሰር ግደነት ይኾኖ። ህዝቢ ክብሃል ከሎ ሓይልታት ሰራዊት ኤርትራ`ውን ማለት`ዩ። ይፈቶ ይጸላእ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ክግሃድ ዝኽእል ናይ ለውጢ ቁልዒ፡ ካብ`ዚ ወጻኢ ሓቅነት የብሉን። ስለዚ፡ ንሰራዊት ኤርትራ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዘባርዖ ፍትሓዊ ቃልሲ*

ክድግፉ ሃገራዊ ጉብኦም ምኻኑ ጽዑቕ ጎስጓስ ምትብባዕን ክግበረሎም ይግባእ። ጽዑቕ ጎስጓስ ክብል ከለኹ ኣብ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ሓደን ክልተን ኢልካ ዝዝርዝር ኣይኮነን። ብርቱዕ ስራሕ ድማ'ዩ።

**... ይቕጽል**

**ጸጋይ ነጋሽ**